# ጉድ'ዩ! ዓዲ ጀጋኑ ብህግደፍ ተወኒኑ

ብሰለሙን ሚካኤል 12.12.2008

ዝዓበየ ዝንኣሰ፡ ኣባዲ ሲኢኑ
እተወልደ ሕጻን፡ ሳዋ ተዳጒኑ
ወለዲ ኩሉና፡ ብንብዓት ይሕቆኑ
ጅግና ስዉእ፡ ጻምኡ ሲኢኑ

ወያ ዓድና፡ ሃገርና ኤርትረያል
ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ፡ ብንብዓት ጠልቂያ
ዓቢ ምስ ንእሽቶ፡ ንስደት ብጉያ
ሓደ እኳ ሲኢና፡ ዝገብረላ ፍቕያ

ወዮ ጽቡቕ ልምዳ፡ ስርዓት ደሞክራሲያ
ዉሕዳት ወኒኖማ፡ ዘይብሎም ንሕስያ
ንወያ ናጽነትና፡ ስዉእ እንኳዕ ኣይትርእያ
ሃገር ብሃገራ፡ ትሕሎ'ላ ብዋርዲያ

ዓድና ዓዲ ጀጋኑ፡ ጠላማት ወሊዳ
መደበር ባቡራት፡ ወዮ ቀይሕ ባሕራ
መኣከቢ ንሓፍ ኮይኑ፡ ናይ ኒኩሌር ሓተላ
ህግደፍ ዝረብሕሉ፡ ብዉሑድ ባጤራ

ትምቢት ናይ ህዝብና፡ ከም ቆጽሊ ሓሪሩ
ልምዲ ናይ ሃገርና፡ ኩሉ ተቀይሩ
ባርነት መጺኡና፡ ቋንቑኡ ቐይሩ
ኣይፋልኩምን ዝበለ፡ ማሕቡስ ሰፊሩ

ሎሚ እሞ ገዲዱ፡ ሽፍትነቶም ኣግሂዱ
ንሓረስታይና መጺኦሞ፡ ምህርቱ ዝዘምቱ
ብባሕሪ ምስ ዓለም፡ እንሆ ሓዊ ተኣጒዱ
መንነትና ንምሕካኽ ምኽኑ፡ ምስጢሩ ፍለጡ

ዕላማ ህግደፍ፡ ንጥፍኣትና ካብ ኮነ
ጽቡቕ ያታና፡ ካብ ተደፍነ
ክሳብ ምኣስ ክንነብር፡ ርእስና እናደነነ
ወያ ዓዲ ጀጋኑ እምበር፡ ሲኢና ምስሌነ

ብማዕዶ ማዕዶ፡ ብቱን ተቒዉሞ
መልሓስ እምበር፡ ዘይብሉ ጎዞሞ
ንህግደፍ ጥራይ ኢዩ፡ ዝጥዕሞ
ሲኒት ኣዘውቲርና'ባ፡ ንግጠሞ

ህዝብና ከም ሎሚ፥ እኳ ዘይሓሰሞ
ወዮ ጅግነትና ድኣ፥ መን ቋሓሞ
ንሕመቕና እስከ፥ ሓቢርና ንገምግሞ
መን ዶ? ኣሎ ኢዩ፥ ህግደፍ ዘየሕመሞ??

ጽን ንበል፥ ኣዉያት ናይ ዜጋና
ሓቢርና ንቐንጥጦ፥ ንጸሊም ደመና
ጀግንነትና ንሓድስ፥ ከም ያታና
ኮሪዕና ክንከፍቶ፥ እተዓጽወ ገዛና
ብህግደፍ እተበታተነ፥ ክምለስ ንዓድና

ሽዑ ኢና ንኮርዕ፥ ጉብእና ፈጺምና
ያትኣ ነምልሶ፥ ኤርትራ ሃገርና
እታ ሃገረ ጀጋኑ፥ ሰብ ታሪክ ሰብ ዝና
አእጃምና ንግበረላ፥ ክነብር ከቢርና